# ቀዳማይ ገጽ ምምላስ ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ሱዳን በቲ ዝተመደበሉ ግዜ ብዓወት ተዛዚሙ።

--------- 0 ---------

ብመሰረት ስሉሳዊ ስምምዕ ኤርትራ፡ ሱዳንን ላዕለዋይ ኮሚሽነር ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን፡ 20 ሽሕ ስደተኛታት ቅድሚ ክራማት ንምምላስ ዝተሓንጸጸ መደብ፡ በቲ ዝተመደበሉ ግዜ ብዓወት ከምዝተዛዘመ ኮሚሽን ረድኤትን ስደተኛታትን ኤርትራ ሓቢሩ።

ኣብቲ ትማሊ ዝተኻየደ ናይ መወዳእታ ጉዕዞ፡ 273 ስድራቤታት ማለት 676 ሰባት ካብ ሱዳን ናብ ኤርትራ ኣትዮም። በዚ ቀዳማይ ገጽ ምምላስ ስደተኛታት ድማ፡ ብጠቕላላ ኣስታት 21 ሽሕ ዜጋታት ከምዝተመለሱ ሓበሬታ እቲ ኮሚሽን ብተወሳኺ ኣፍሊጡ።

እቶም ካብ መዓስከራት ወዲ ሸሪፈይ፡ ጉልሳን ላፉን ትማሊ ዝተመልሱ ዜጋታት፡ ቆልዓ-ሰበይቲ፡ ሽማግለታትን መንእሰያትን ዝርከብዎም ኮይኖም፡ ተሰነይ ኣብ ዝኣተውሉ ኣጋጣሚ፡ “ ካብ ካልኣይ ዜጋን ጸገምን ተገላጊልና መሬት ሃገርና ብምርጋጽና፡ ከይበላዕና ጸጊብና፡ ናጽነት ተሰሚዑና” ክብሉ ሓጎሶም ገሊጾም።
ህዝቢ እቲ ከባቢ ብወገኑ፡ ኣብ ጎደናታት ብምውጻእ ብዕልልታን ጣቕዒትን ተቐቢልዎም።

እቶም ተመለስቲ ብመገዲ ኮሚሽን ረድኤትን ስደተኛታትን መጣየሲ ንብረቶምን ገንዘብን ምስ ተዓደሉ፡ ነናብ ዝመረጽዎ ዓድታት ከምዝተፋነዉ ልኡኽ ኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ካብቲ ቦታ ሓቢሩ።

------- ኣዜኤ -------